# ምዝንባዕ ገለጻ ታሪኽ ዕላምኡ ግህዶ ኮይኑ

ብ ኑራ ሑሴን

## ሳልሳይ ክፋል

ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብመሰረት ዝወሰዶ መዋእል፡ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ምስ ንምልከት'ውን፡ ውሑድ ዘይኮነ ወርቃዊ ዕድላት የምልጠ ከምዝነበረ ንርኢ። ከምኡ ክኸውን ዝገበረ ቀንዲ ምኽንያት፡ ብመነጸር ኢሳያስ ክረአ ከሎ፡ ሕቶ ናጽነት ዝወሰደ ግዜ ይውሰድ፡ ኩነታት ቃልሲ'ውን ካብ ሓሞት ይምረር ብዘየግድስ፡ ባይታ ስልጣኑ ብዘተኣማምን መንገዲ ክሳብ ዘይጠጠሐ፡ ንኢሳያስ ግዳዩ ኣይኮነን። ብሰሪ'ዚ ብዙሕ ምቹእ ኩነታት ከምዝብርዕንን፡ ሃገራዊ ናጽነት ንድሕሪት ከምዝምለስ ኮነ። ብመጠን ዝበለየ ግዜ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብቲ ክኸፍሎ ዝግበኦ ንላዕሊ፡ ኣዝዩ ዝተዓጻጸፈ ዋጋ ክኸፍል ተገደደ።

ገለ-ገለ ንተዝክሮ ዝኣክል ንምጥቃስ ድማ፡ ሃይለ ስላስ፡ ብሰንክቲ ሰውራና ዘውረደሉ ከቢድ ስምብራትን ዘሕደሮ ዓሚቕ በሰላን፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ምኽንያታት ኮይኑ፡ ሰርዓቱ ሰሎሎ ኣትዩዎ ብ1974 ንግስነቱ ኣብ ምግልባጥ በጺሐ። እቲ መተካእትኡ ዝኾነ ደርግ'ውን ካብ ነዊሕ ግዜ ነብሱ ወዲቡ ክመጽእ ብሰንኪ ዘይምጽንሑ፡ ኣዝዩ ድንግርግር ዝበለ ኩነታት ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጥረ። ነቲ ኩነት ንምቁጽጻር ዝተጠቕመሉ ናይ ዓመጽ ስልቲ ድማ፡ ነቲ ህዝቢ ደጊሙ ልቡ ዘንፈረ ወደቓ ኮኖ። ኣብዚ ውድዕነት'ዚ ማለት፡ ደርጊ ውሽጣዊ ኩነታቱ ከየረጋገአን፡ ደልዲሉ እግሪ ከይተኸለን ከሎ፡ ነቲ ብድርኺትካ ዝተኸስተ ብሱል ሃዋሁ ክትገጥሞን ኣብ ጥቕምኻ ከተውዕሎን፡ ፍጹም ዘይክኣል'ዩ ነይሩ ንምባል ዘድፍር ኣይኮነን። የግዳስ ብሰንኪ'ቲ ካብ ጥቕሚ ህዝብን ሃገርን ወጻኢ ዝኾነ ድቡቕ ዕላምኡ ዘቐደመን፡ ንምዕዋቱ ድማ ሚሒሉ ዝመረሸን ጉጅለ ኢሳያስ፡ ሃገራዊ ናጽነት፡ ገና ህዝቢ ደኺሙ ከይሰልከየን ኣብ ትሕቲ እግሩ ከይሰገደን ዝመጽእ ናጽነት ንጥቕሙ ስለ ዘይኮነ፡ ነቲ ቅኑዕ ናይ ሰውራና ኣድህቦ ንምህውታት፡ ናብቲ ናይ ወትሩ ዋኒኑ ዝኾነ ናይ ውግእ ሓድሕድ ዋዜማ ንምቕናይ (ምቅላሕ) ጥራይ ኣድህብኡ ኣአንፈቶ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ በቲ ዝነበረ ሕኑን ሃገራዊ ስምዒት፡ መንእሰያትና ንሜዳ ብምውሓዝ ሰውራና ሓደ ዓቢ ዓቕናውን ዓይነታውን ለውጢ ኣመዝገበ፡ ሜዳ ኤርትራ ድማ ብመንእሰያትና ዓምበበ። መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ጻዕርታት ሃገራዊ ሓድነት እንዳ ኣተሓናኾለ፡ ጎኒ-ጎኑ ድማ መርዛም እሾኽ እናዘርአ፡ ብ1977 ከተማታት ነጻ ንምውጻእ ተንቐሳቐሰ። ብኣረአእያ ተሓኤ፡ ብሃገር ደረጃ ነጻ ከውጽእ ዝኽእል ዓቕሚ'ኳ እንተሃለወ፡ ሃገራዊ ሓድነት ቅድሚ ምርግጋጽን ብዘተኣማምን መንገዲ መዕለቢ ቅድሚ ምግባርን፡ ናጻ እነውጽኦ ከተማታት፡ ተመሊስና ናብ ውግእ ሓድሕድ መስእንኣቱ፡ ብቐሊሉ ጸላኢ ክሕዞ ምቹእ ዕድል ዝህብን ንዕድመ መግዛእቲ ዘናውሕን ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ሕጂ ንከተማታትና ግዙፍ መስዋእቲ ከፊልናሉ ከነብቅዕ፡ እሞ ገዲፍናዮ ድማ ምስንወጽእ፡ እንደገና ካልኣይ ግዜ ዝኸበደ መስዋቲ ክሓተና'ዩ ብምባል፡ ቀደም ተኸተል ዘይሓለውን ውሕስነቱ ዘየተኣማምን ሙኻኑ ይስሕትዎ ኣይንበሩን። የግዳስ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ልዑል ናይ ህዝብና ናጽነታዊ ሃረርታ ብምምዝማዝ፡ ነቲ ንሃገርዊ ስኒት ቅድምያ ብምሃበ፡ ብስክፍታ ዝተሰነየ ቅኑዕ ሚዛን ናይ ጀብሃ፡ ብኣሉታ ተርጒምካ ጠምዚዝካን ካብ ህዝቢ ንምንጻላ ወፈራ ከካይድ ሓለነ።

ጸላኢ ካብ ከተማታት ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ምሉእ ሃገር ንምውጻእ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዘይበሃለሉ መንቀሊ ዕላማ ሰውራና'ኳ እንተኾነ፡ ሓድነት ሰውራ ኤርትራ ግን፡ ፍጹም ባይታ ሰላምን ራህዋን፣ ውሕስነት ናይ ዕብየትን ብልጽግናን፣ ውሕስነት ልኡላውነት ሃገር፤ ርጉእ ውሽጣውን ከባቢያዊን ሂወት ስለ ዝኾነ፡ ተ.ሓ.ኤ ብማዕረ ማዕረ ምስ ናጽነታዊ ዕዮ ክትቃለሰሉ ዝጸንሐት መትከላዊ ዕማማ እዩ። ይኹን እምበር፡ ሓድነት ብሓደ ሸነኽ ጥራይ ካብቶም ዝምልከቶም(ብተ.ሓ.ኤ) ብምጽዓር ክዕወት ዘይክእል ነገር ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ እቲ ብቐንዱ ካብ ሓድነት ክጥቀም ዝኽል ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝኾነ፡ ጉዳይ ሓድነት ንመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዋኒኑ ከም ዘይነበረ፡ ንማንም ክዉል ኣይነበረን። ኣብቲ እዋን'ቲ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ከተማታት ናጻ ንምውጻእ ዝወጠነሉ ምኽንያት'ውን፡ ንህዝቢ ሓልዩ ዘይኮነስ፡ ነቲ ሕቡእ መደባቱ ንምስልሳል'ዩ። ንሱ ድማ እቲ ናይቲ እዋን ተጋዳላይ፡ ብሰር'ቲ ንህዝቢ ኣድናጊርካ ንምኽሳብ ተባሂሉ፡ ህዝባዊ ግንባር ቅንዕቲ ገስጋሲት ውድብ'ያ ብዝብል ዝውልብለብ ዝነበረ ናይ ቀሸሽ ኣብለጭላጪ ፕሮፓጋንዳ ኣሚኑን ተደሪኹን፡ ነቲ ድሮ ብኢሳያስ ዝተሓዝአ ጉዳይ ኪንዮ ናጽነት፡ ተቓላሳይ ናጽነቱን ሓርነቱን ከማዓዱ ባህርያዊ

ነይሩ። ካብዚ ብምንቃል፡ ንነብሱ ይኹን ኣካይዳ ውድቡ፡ ብኡ መጠን ንምቅርራብ ከይሓለነ ኣይተርፍን'ዩ ብምባል ዝሰግአ ኢሳያስ፡ ከምቲ ወትሩ ንውግእ ከም ሓደ እሙን መፈወሲ ንመዕቋብ ስልጣኑ ዝግልገለሉ ኣድማዒ ስልቲ፡ ነዚ ሰራዊት እዚ ድማ ኣብቲ ውግእ ደፊኑ፡ ካልእ ሓደስቲ መንእሰያት መተካእታ ካብቲ ከተማታት ሓፊስካ ንምውጻእ ዝዓለመ'ዩ ነይሩ።

ካብዚ ዝቐጸለ ኩነታት፡ ህዝባዊ ግንባር ነቲ ናጻ ዘውጽኣቶ ከተማታት ንድሕሪት ገይራ ናብ ኣሰመራ ክትዓርድ ከላ፡ ተጋድሎ ሓርነት ድማ ኣብ ከባቢ ኣስመራ፣ ባረንቱ፣ ዓሰብ ዓሪዳ ክተጥቅዕን፡ ጸላኢ ካብ ኣስመራ ወጺኡ ነተን ናጻ ዝወጻ ከተማታት ንኸይሕዘን ክትከላኸልን ከላ ብሓደ ወገን፡ እቲ ካብ ጫፍ ደቡብ ደንከልያ ክሳብ ኦምሓጀር ዝተዘርገሐ ምሉእ ዶባት ኤርትራ ድማ በቲ ካልኣይ፡ ንበይና ዓሪዳ  ትከላኸል ነበረት።

ኮይኑ ድማ፡ በቲ ብሰንኪ ህዝባዊ ግንባር ኣርሒቑ ዝተንጠልጠለ ኩነታት ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ጸላኢ ስለ ዝተተስፈወ፡ ከምብሓዲሽ ሓይሉ ኣደልዲሉ፡ ዓይነት ኣጽዋርን ወተሃድራዊ ቅድን ኣሓዲሱ፡ ንዳግመ ወረራ ብዝላዓለ ምድላው ካብ ማእከል ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ኣምረሐ። ጀብሃ ድማ ኣብ መንጎ ክልተ ሓዊ ተቓቒራ፡ ማለት እቲ ካብ ኣስመራ ጥሒሱ ንመንደፈራ ዓዲ'ኳላ ክኣቱ ወግሐ ጸብሐ ክወጽእን ጸፊዓ ክትመልሶን ብሓደ ወገን፡ ነቲ ካብ ማእከል ኢትዮጵያ ዝኀርፍ ዝነበረ ሰራዊት ድማ፡ ናብ ሃገር ከይኣተወ ክትከላኸሎን፡ ካብ ናይ ሰውራ ኣገባብ ውግእ ሰጊራ፡ ብደረጃ ኣብ መንጎ ክልተ መንግስታት ዝካየድ ውግእ ኣብ ዶባት ዓሪዳ፡ ንበይና ተዋደቐት። ብፍላይ ድማ ኣብ መረብ፡ ኦምሓጀር፡ ከምኡ'ውን ዛላምበሳ፡ ምስቲ ከምብሓድሽ ዝሰልጠነን ብምዕቡል ብረት ክሳብ ዓንቀሩ ዝዓጠቐን ብወጻእተኛታት ፍሉያት ናይ ውግእ ኪኢላታት ተመሪሑ ዘጥቅዕ ዝነበረ ሰራዊት ደርጊ፡ ጀብሃ ግን ውላ'ኳ ሓደ ኢድ ብምኳና ተገዲዓ እንተነበረት ብዘይ ሕለል ጽንዓት ንኣርባዓ ማዓልትን ለይትን ብዘይ ምቁራጽ ተዋገአት። እቲ ጽዕጹዕ ኩነታት ብኸምዚ እናተኻየደ ከሎ፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ግን እቲ ጉዳያ ከምዘይ እንታዮም ኣማዕድዮም ይዕዘቡ ከም ዝነበሩ ታሪኽ ዘይዝንግዮ ሓቂ'ዩ። መሪሕነት ጀብሃ፡ ንመሪሕነት ግንባር ኣብ ዶብ ገለ ሸነኻት ዓጽዮም ሓቢሮም ጸላኢ ንኽከላኸሉ፡ ብተደጋጋሚ ይጽውዕ ነይሩ'ዩ። ዝወሃብ ዝነበረ መልሲ ግን፡ ሓንሳብ ሕጂ ኣይጥዕመናን'ዩ ሓንሳብ ድማ ካብኡ ዝዓቢ ኣኼባ ኣሎና ብምባል ብኣሽካዕላል ይምልሱ ነይሮም። ከተማታትና ድማ፡ ከምቲ ድሮ ቀዲሙ ዝተገምገመ፡ እዚ ዘይበሃሉ ጀጋኑ ከፊልናለን ከንስና፡ ተመሊሰን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ክኣትዋ ግድን ኮነ።

መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ ጸላኢ ክከላኸል ዘይደለየሉ ምኽንያት ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ እቲ መደብ ብመሰረቱ ንህዝቢ ናጻ ንምንጻእን ሃገር ምክልኻልን ዘቐደመ ዘይኮነስ፡ እቲ ሰማም ናይ ክድዓት ፖሎቲካ ናይቲ ውድብ ብዕምቆት ኣብ ህዝቢ ንምዝራእን፡ ንጀብሃ እናፎግፎግካ ድማ ቦታታት ንምቁጽጻርን ክኸውን ከሎ፡ እቲ ብቕንዱን ዝለዓለ ስትራተጂ ናቶም ግን፡ ቅድሚ ዝኾነ ነገር ንሓይሊ ጀብሃ ንምጥቃዕ ስለ ዝነበረ፡ ሓይሊ ጀብሃ ብሓይሊ ጸላኢ ኣዝዩ ምስዝዳኸም ክኣ፡ ነቲ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ንምጥቅዑ ዝዓለመ ውጥን የቀላጥፍ'ዩ ብዝብል፡ ጸላእ ጸልኢ'ኻስ ፈታዊ'ኻ ገርካ ብምስራዕ፡ ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ጀብሃ ክዕወት ዓሚቛ ሚንዮት ህ.ግ. ነይሩ'ዩ። መርሕነት ግንባር፡ ሽዑ ጥራይ ውን ኣይኮኑን፡ ነቲ ብጻዕቂ ዝደፍእ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ክከላኸሉ ዘይመረጹ፡ ነቲ ብ1976 ህዝቢ እናደምሰሰ ንብረቱ እናዘረፈን፡ ሃገር-ለኸ ባሕሪ ምላሽ ንምዕማም ዘቕነዐ ወረራ ዘማች ውን፡ ጀብሃ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዓሪዳ ዶብ ከይሰገረ ክትከላኸሎን ከተጥቀዖን ንበይና እናተዋደቐት ከላ፡ ህዝባዊ ግንባር ግን  ኪሎ ሜትራት ካብ ቦታ ውግእ ርሒቖም፡ ኣብ ጎቦታት ተሰቒሎም ናይ ውግእ ትያትር ይዕዘቡ ከም ዝነበሩ፡ ንሳቶም ውን ክኽሕድዎ ዘይክእሉ ሓቂ'ዩ።

... ይቕጽል